# ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ

## ቀዳማይ ክፋል

ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ዝጀመረ ዘይኮነስ ካብ ጥንቲ ንመሬቱን መንነቱን ክዋደቕ ጸኒሑ እዩ።

ኣቦሓጎታትና ኣብ ወራር ቱርክን ግብጽን ዘርኣይዎ መኸተን ጽንዓትን ክልቲኡ ወራራት ዛንታ ኮይኑ ተሪፉ።

ኣብ 17ን 18ን ክፍለ ዘመን በብግዚኡ ዝነበሩ ወራራት ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ'ውን ብጽንዓትን መኸተን ፈሺሉ እዩ። ተረፍ ስዕረቶም ኣብ ህዝብና ዘውረድዎ በደል ግፍዕን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ንኣብነት ወራር እስባገድኸ፣ ራእሲ ውበ፣ ሃጸይ ምንሊክ ሃጸይ ዮውሃንስ ራእሲ ኣሉላ ገለ ካብኡ እዚ ዝስዕብ እዩ።

ራእሲ ውበ ንኤርትራውያን ውዑይ ቆሎ ዓተር ኣብ እዝኖም ኣእትዩ ማእሊያ ዘይብሎም ኣብሓጎታትና ክልቲኡ እዝኖም ጸሚሞም እዮም። እዚ ድማ ብዝባን ውበ ዝጸመመስ ዝባን ውበ እንዳበለ ሞተ ተባሂሉ ይዝንቶ እዩ።

ሃጸይ ምንሊክ  ኣብ ልዕሊ ኣቦሓጎታትና ኣረሜናዊ ተግባር ፈጺሙ እዩ። ኣብ ጉንዲ ኣተርኢሱ ብፋሽ እንዳ ረኣዩ እንዳ ሰምዑ ንገሊኦም የማነይቲ ኢዶምን ጸጋመይቲ እግሮምን ንገሊኦም ድማ ጸጋመይቲ ኢዶምን የማነይቲ እግሮምን ቀሪጽዎም። ብዙሓትኳ ሓሊፎም እንተኾኑ ኣብ ነፍስወከፍ ዓዲ ኣሰሮም ኣሎ። ኣብነት ንምጥቃስ ኣቦሓጎታትና ኣብ ኣስመራ ደቦዚቶ ዝነበሩ ህያው ምስክር እዮም። ውግእ ዓድዋ ዝሰዓሩ ኢትዮጵያውያን ዘይኮኑ ኤርትራውያን እዮም። ወግሐን ጸብሐን ታሪኽ ኣድዋን ካልኦትን ውግኣትን ታሪኽ እንዳ ጠምዘዙ ዘይ ታሪኾም ከም ታሪኾም ኣምሲሎም ጽሒፎም ክጀሃርሉ ጸኒሖም። እምብኣርከስ ታሪኽ ዓድዋ ታሪኽ ኤርትራውያን እዩ። ኣብነት ንምጥቃስ ኣውዓሎም ምስ ብዙሓት ኤርትራያን ዓስከር ጥልያን ዝነበሩ ተማኺሩ ምስ ሃጸይ ምንሊክ  ምስጢራዊ ርክብ ኣካይዱ። ምስ ሃጸይ ምንሊክ ብኸምዚ ዝስዕብ ተረዳዲኦም፣ ንሰራዊት ጥልያን ኣብ ከባቢ ዓድዋ ሰላም እዩ ዘሎ እንዳበልኩ መሪሐዮም ክመጽእ እየ ንስኻትኩም ተሓቢእኩም ጽንሑ። ሰራዊተይን ሰራዊትኩምን ኣብ ከበባ ከነእትዎም ኢና እታ ሶናት ኣብዚኣ ክንውድኣ ኢና ኢሉ ሓቢርዎ። በቲ ተረዳድኡሉ መሰረት ኣውዓሎም ንሰራዊት ጥልያን እዚ ቦታ ሰላም'ዩ እንዳበለ ኣብ ከበባ ኣእትይዎም።  ኣውዓሎም ቀጺሉ ሰራዊት ጥልያን ብገርሆም እንክለው ነቶም ዝነበሩ ሓለፍቲ ውግእ ጀነራላት መብዛሕትኦም ብጥይት ተሳሂሎም። ሰራዊት ጥልያት መዕለቢኦም ምስ ጠፍኦም ኣውዓሎም እዚ ፈዲኻና ኢሎሞ፣ ኣውዓሎም ድማ ንስኻትኩም ዝወዓልክምዎ ኣየውዕለኒ ኢልዎም። ብድሕሪኡ ኢትዮጵያውያን ነቶም ዝተረፉ ብጐራዴን ፋስ ሃዲኖሞም።  ሶናት ዓድዋ ኤርትራውያን እምበር ኢትዮጵያውያን ኣይሰዓሩን። ንጥልያን ኤርትራውያን ባዕሎም ስዒሮሞም ከብቅዑ ሃጸይ ምንሊክ ግን ንኤርትራውያን ኢዶምን እግሮምን ኣብ ጉንዲ ኣተርኢሱ ቈሪጹ ደርብዮሞም። ኢትዮጵያ ሶናት ኮርያን ሶማልን ኢሎም ዝጀሃርሉ እዚ'ውን እንተኾነ ጀጋኑ ኤርትራውያን ዝፈጸምዎን ዝሰዓሩሉን እዩ። ጀግና ኤርትራዊ ጀነራል ኣማን ዓንዶም ዝፈጸሞ ጀግንነት እዩ። ጀነራል ኣማን ዓንዶም መራሕን ሃንጻጽን ናይ'ቲ ሶናት ከንሱ ሓንቲ መዓልቲ ብዛዕብኡ ተዛሪቦም ኣይፈልጡን። ኣብ ሮማ'ውን እንተኮነ ጀግና ኤርትራዊ ዘርኣይ ደረስ ዝፈጸሞ ጀግንነት ኢትዮጵያውያን ከም ባዕሎም ዝፈጸምዎ ገይሮም ይዛረብሉ ኣለው። ጀግንነት ኤርትራውያን ናይ ሎሚ ዘይኮነስ ካብ ጥንቲ ካብ ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዝተወርሰ እዩ።

ራእሲ ኣሉላ ኣብ ኤርትራ በሊዑን ሰትዩን ከብቅዕ ምስ ሃጸይ ምንሊክ ኮይኑ ንእቦሓንታትና ኣደምን እግሮምን ዝቈርጽ ዝነበረ ጨካን ኢትዮጵያዊ እዩ።

ሃጸይ ዮውሃንስ  ንራእሲ ወልደሚካኤል ንተዓረቕ ኢሉ ምሒሉ ጥሒሉ ኣሲሩ ናብ ገበል ዘለዎ በዓቲ ደርብዩዎ። ራእሲ ወልደሚካኤል ግን ብሓዊ ተቓሊሱ ነቲ ገበል ቀቲልዎ። ሃጸይ ዮውሃንስ ራእሲ ወልደሚካኤል ገሚዳ ከይሞተ ምስ ጸንሖ ነቶም ሃለውቲ ጸዊዑ እንትርፎ ሓደ ዓይነት መግቢ ካልእ መግቢ ከይትቕርብሉ ኢሉ ኣዚዝዎም ከደ። እዚ ድማ ነቲ መግቢ ጸሊእዎ ቀልጢፉ ሓሚሙ ንኽምውት መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ራእሲ እስባገድሽ'ውን እንተኾነ ከምቶም ኣሕዋቱ ኣዴታት ተጋሲሱ ንብረትን ጥሪትን ዘሚቱ ኩሉ ገዛውቲ ብሓዊ ኣቃጺሉ። ህዝቢ ኤርትራ ሓዳግን ለዋህን ስለ ዝኾነ እምበር መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ግፍዕን በደልን ፈጺሞም እዮም።

መግዛእቲ ጥልያን ኣብቂዑ መግዛእቲ እንግሊዝ ምስ መጸ ንህዝብና ብሃይማኖት ዓሌት ቀቢላ ክበታትንዎ ሃቂኖም ኣቦሓጎታትናን ኣቦታትናን ብሃይማኖት ወገን ዓሌት ከይተፈላለዩ ብሓደ ሰሚሮም ጸኒዖም መኪቶሞም።

ኣብ 9 ሚያዝያ 1949 ንኤርትራ ኣብ ክልተ መቒልካ ምዕራባዊ ክፋል ምስ ሱዳን ምብራቓዊ ክፋልን ከበሳን ምስ ኢትዮጵያ በቨን-ስፎርሰን ዝተወጠነ ብጽንዓትን መኸተን ህዝብና ፈሺሉ።

መግዛእቲ ጥልያን ምስ ኣብቅዐ ኣብ ኤርትራ ሓያሎ ውድባት ተፈጢረን ነይረን

ካብዚኣተን ኣልራቢጣ ኣልእስላምያ፣ ኤርትራ ንኤርትራውያን፣ ሓዳስ ኤርትራ፣ ሻራ ኢጣልያ፣ ሰልፊ ናጽነት፣ ሕዝብ ኣልወጠን፣ ማሕበር ምሁራት ኤርትራውያን፣ ማሕበር ኢጣልያ ኤርትራውያን ክኾና እንከለዋ ኮምኡ'ውን ብውሑዳት ኤርትራውያን ብዝሒ ኢትዮጵያውያን ዝርከብዎም ድማ ማሕበር ኣንድነት ነይሩ።

ምዕራባውያን ሃገራት ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ጸማም እዝኒ ሂበን ንረብሓአን ክብላ ብዘይ ድሌትን ኣፍልጦን ህዝቢ ኤርትራ ኋዕጺጸን ብስም ብይን 390 A(V) ብ2 ታሕሳስ 1950 ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ንኽቁረን ወሲነን።

በዓል ኣቦና ኢብራሂም ሱልጣን ኣብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ከይዶም ጥርዓኖም ከቕርቡ ፈቲኖም እንግሊዝ ኣመሪካ ፈረንሳይ ጉዳዮም ክሰምዕዎምስ ይትረፍ ከቕርብዎም ኣይደለዩን ኣብ ኣፍደገ ኣውያቶም ገሊጾም ተመሊሶም።

ውድብ ሕቡራት ሓገራት ንኣንሰ ማትያንሶ ኮምሽነር ኮይኑ ብዛዕባ ፌደረሽን  ንኤርትራውያን ከዘራርብ ተመዚዙ፣ ኮይኑ ግን እንግሊዝ ምስ ኢትዮጵያ ተመሳጢሩ ብሕቡእ ብዙሓት መንእሰያት ንኽሸፍቱ ብረት ዓዲሉ። እቶም ሸፋቱ ድማ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምስ ፖሊስ ኣብ ጐንጺ ኣትዮም፣ ኣብ ኩሉ ቦታ ሰላም ተሳኢኑ። ኣንሰ ማትያንሶ ምስ ኤርትራ ክመያየጥ ዝመጸ ምኽንይት ረኺቡ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ኣኽሊሉ ሃብተወልድ ጥቡቕ ርክብ ጥራሕ ዘይኮነ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ንኽትከውን መሪቕሉ።

ብማሕበር ኣንድነት ዝዝወር ሰማዊ ፓርላማ ኤርትራ ቆይሙ።

እቶም ኮነ ኢሉ እንግሊዝ ዘሸፈቶም፣ ድማ ኣስረስሀይ እምባየ፣ ሓጎስ ተምነዎ፣ ገብረ ተስፋጽዮን፣ ወልደገብርኤል ሞሳዝጊ፣ ተኽስተ ሃይለ፣ ደበሳይ ድራር ወዘተ፣ ንኢትዮጵያ ኢዶም ሃቡ። እዚኣቶም ድማ ብኢትዮጵያ ሽመትን መዓርግን ተቐበሉ። እቲ ኩነታት ንህዝቢ ኤርትራ እንዳ በርሃሉ መጸ፣ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ እንዳ ሓየለን እንዳ በርተዐን ከደ።

ኣብ ልዕሊ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም 7ተ ግዜ ናይ ቅትለት ፈተነ ተኻይዱ ብዙሓት ኤርትራውያን ንኤርትራ ዝተጣበቑን ዝተማጐቱን ስውእ ኣቦና ዓብደልቃድር ከቢረ ዝርከብዎም ብተጋሩ ተቐንጺሎም።

እቲ ኩነታት እንዳ ኸፍአ ምስከደ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኤርትራ ብሓረካ ንኽቕጽል ተገዲዱ። ሓደ ን5ተ ብዝብል ስውር ፖለቲካዊ ቃልሲ ተጀሚሩ፣ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ከይተሓጽረ ኣብ ሕምብርቲ ኢትዮጵያ ተሰማዕነት ዝንበሮም ኤርትራውያን ናይ ምውዳብ ቃልሲ ተኻይዱ። ፓርላማ ኤርትራ ብማሕበር ኣንድነት ይዕብለልኳ እንተነበረ ብሓራካ ዝተመልመሉ ነቲ ፓርላማ ምዕግርጋር ስራሕና ኢሎም ተተሓሓዝዎ።

እቲ ኣብ ኣርብዓታት ዝተበገሰ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብምዕራባውያን ሃገራትን ብኢትዮጵያን ንክቕህም ብዙሕ ጻዕሪ ተኻይዱ፣  ኮታስ እቲ ቃልሲ ሓይሉ እምበር ንድሕሪት ኣይተመልሰን። ኩሎም ስነ ጥበባውያን'ውን ዝነኣድ መኸተ ኣካይዶም ብፍላይ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ምሕዝነታዊ ጸወታ ክትጻወት ንሱዳን ምስ ከደት ብሓራካ ተወዲባ ንኤርትራ ምስ ተመልሰት ሓያል ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣካይዳ። እቲ ፖለቲካዊ ውዳበን ምንቅስቓስን ምስ ሓየለ ድማ ኣብ 1961 ናብ ብረታዊ ቃልሲ ተሰጋጊሩ።

ንሰውራ ኤርትራ ንምጒዕጻጽ ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ማለት ኣብ ኣስመራ ዝበዝሐ ሰራዊት ኮፍ ኣበለት እንተኾነ ግን ንሰውራ ኤርትራ ከተጥፍኦን ክትዓግቶን ኣይከኣለትን።

ኣብ ኣርብዓታት እንግሊዝ ብሃይማኖት ኣሳቢቡ ንህዝብና ከናቑቶ ዘካየዶ ፈትነ ኣቦታትና ኣስላምን ክርስቲያንን ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ብሓደ ስጋ ሓሪዶም ተመሓሒሎም መኪቶሞ።

ኣመሪካ ካብዚ ክመሃር ኣይከኣለን ንገለ ሃገራት ኣዕራብ ዓሲቡ ንሰውራ ኤርትራ ፋሕ ንምባል ብዙሕ ፈተነታት ኣካይዱ ንኣብነት ኢራቕ ፈተውትና ተመሲሎም በዓስ ፓርቲ ኣብ ኤርትራ ሰዲዶም ንሰውራ ኤርትራ ንምብታን ፈተነ ኣካይዶምኮ ይኑ ግን ፈሺሎም ተሪፎም።

በዓል ሶቭየት ሕብረት፡ ኩባ፡ ደቡብ የመን፡ ምብራቕ ጀርመንን ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ብንዋትን ብኣካልን መጺኦም ንብረቶምን ሰቦምን ኣብ ኤርትራ ዓሪቦም።

ሃጸይ ሃይለስላሰ ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየንን እዩ ኢሉ

መንግስቱ ሃይለማርያም ዓሳ ንምጽናት ማይ ምንጻፍ ኢሉ፣እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጕርሰው ዝብል ጭርሖ ሒዙ ህዝብን ሰውራን ንምጽናት ምልዮናት ሰራዊት ኣሰሊፎም በብእብረ ንኤርትራ ሃጂሞም። ኣብነት ንምጥቃስ ታሪኽ ኣቑርደት፣ ዑና፣ ሽዕብ፣ ወክዱባ፣ ቅብጸት ባጽዕ፣ ወኪ እምኒሓጀር ኮታስ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዝተኻየደ ጃምላዊ ህልቂት ዘሕዝን እዩ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። እቲ ዘሕዝን ድማ ጀነራል ጨማዳ ካሳ ኣብ ሽዕብ ዝፈጸሞ ገበን ክይኣክል ኣይተሰዓርናል ኢሉ ክዛረብ መሕፈሮ። ጀነራል ጨማዳ ካሳ ኣብ ሽዕብ ካብ 8ተ ዓመት ዕድመ ዝነበረን ደቂ ኣንስትዮ ብትእዛዝ ጨማዳ ካሳ ኩሎም ወታደራት ምሉእ ለይቲ ንኸለን ክጸዋትለን ሓዲሮም  ንጽብሒቱ ንኸለን ኣብ ሓደ ገዛ ኣኪቦም ብሓዊ ኣቃጺሎመን ኣዴታትን ህጻናትን ቆልዑን ኣቦታትን ድማ ንገሊኦም ብሳንጃ ንገለ ድማ ብታንኪ ረጊጸሞም። ኣረሜናዊ ታሪኽ ፈጺሙ ከብቅዕ ሕጂ ብዛዕባ ኤርትራ ክዛረብ መሕፈሮ። ንሱ ካብ ብሱል ጥረ ኮይኑ ወጺኡ ነቶም ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ኣብ ከርሲ መሬት ኤርትራ ዝተቐብሩ ወታደሩ ክሒዱ ሎሚ ብዙሕ ዓጀውጀው ይብል ኣሎ፡ ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ ከም ዝበሃል ጨመዳ ካሳ ዝገበረ ገይሩ ሰቕ ምባልውን ልቦና እዩ፥ እንተኾነ ግን ደም ናይ እቶም ንጹሃት በጀካ ኤርትራውነት ካልእ በደል ዘይነበሮም ኣብ ልዕሊኦም ዝገበሮ ባርባራዊን ግፍዕን ከም ታሪኽ ኣብ መዝገብና ተሰኒዱ ኣሎ። ኣፉ ምስ ዘይእክብ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ዝፈጸሞ ኣረሜናዊ ተግባር ኣብ ዓለማዊ ቤት ፍርዲ ከነቕርቦ ምኻኻና ክዝንግዕ የብሉን።

*ንሕና ኤርትራውያን ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሌና ዝወረደ በደልን ግፍዕን ብዜይ ድሌትና ብፈደረሽን ክንፍረድ ኮምኡውን ፌደረሽን ፈሪሱ ምስ ኢትዮጵያ ክንቔረን እዝውን ኣፍደገ ባሕሪ ንኽረኽቡ ክብሉ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝመሃዝዎ ስውር ሜላ እዩ፥*

*ታማኝ በየነ ብዛዕባ ፓይሎት በዛብህ ጴጥሮስ ብዙሕን ሒደትን ተዛሪቡ እዚ ድማ ንዓና ንኤርትራውያን ከይገረመና ኣይተረፈን። እዚ ናይ ትማሊ ታሪኽ ብቪድዮ ብቃለመጠይቕ ኣብ ዩትብ ተዘርጊሑ ኣሎ። ጌና ህዝባዊ ግንባር ኣብ ብረታዊ ቃልሲ እንከሎ ፓይሎት በዛብህ ጴጥሮስ ናይ ኲናት ነፋሪት ሒዙ ተልእኰኡ ንምፍጻም ልዕሊ 60 ዓድታት ናብ ሓሙኹሽቲ ዝቐየረ ልዕሊ 10 ኣብያተክርስቲያን ዘንደደ ልዕሊ 15 መሳጊድ ዘቃጸለ ልዕሊ 20 ቤት ትምህርቲ ነበረያ ነበረ ዝገበረ ልዕሊ 3000 ህጻናትን ኣዴታትን ብክላስተር ቦምብ ህዝቢ ዘህለቐ ጨካን ኢትዮጵያዊ እዩ። ደም ናይ ንጹሃን ስለ ዘይሰድድ ግን በቶም ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣብ ሳሕል ምስ ነፋሪቱ ተሃሪሙ ወዲቑ፥። ሰውራ ኤርትራ ግን ነዚ ጨካን ሰብ ምሂሩን ምዒዱን ኣብ ድላይካ ዓዲ ኪድ ኢሉ ብነጻ ሰዲድዎ።*

*በዛብህ ጴጥሮስ ግን ካብ ቀዳማይ ጌግኡ ኣይተማህረን ኣብ 1998 ወርሒ ግንቦት ኣብ ወራር ወያነ ከም ኣመሉ ህዝቢ ኤርትራ ከጽንት ነፋሪቱ ኣልዒሉ ኣስመራ መጺኡ ዳግማይ ምስ ነፋሪቱ ብጀጋኑ ኤርትራውያን ተሃሪሙ ወዲቑ። ክሃድም ብህዝቢ ተታሒዙ እንተኾነ ግን ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ግፍዐኛ ሰብ ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ከይወሰደ ንዝምልከቶ ኣካል ኣረኪብዎ፥ ኣዚ ድማ መግለጺ መንነትና እዩ። ታማኝ በየነ እዘን ዝነደዳ ዓድታት፣ መሳጊድ ኣብያተ ክርስቲያን ቤት ትምህርቲ ብክላስተር ቦምብ ህጻናትን ኣዴታትን ዝጨፍለቐ ኮታ እቶም ብክላስተር ቦምብ ዝሓረሩ ንቡር ቀብሪ እኳ ዘይረኸቡ እዚኣቶም ኣሕዋትካን ኣቦታትካን ኣዴታትካን ዓድኻን እንተ ዝኸውን ነይሩ እንታይ ኮን ምበልካ፥*

*ስለዚ ታማኝ በየነ ከም ኣቦሓጎታትካ ታሪኽ ምጥምዛዝ ገዲፍካ ምስ 21 ክፍለዘመን ዝዛመድ ኣበሃህላ ሒዝካ ክትከይድ ይሕሸካ፥*

*ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*

*ይቕጽል፣*